# እቲ ቋንቋ

**እቲ ቋንቋ**
**ፈረንሳይኛ ምምሃር**

# እቲ ቋንቋ

አውራጃ ናይ Jura ፈረንሳይኛ ዝዛረብ አውራጃ እዩ፣ ሰባት ፈረንሳይኛ ይዛረቡ እዮም። ጀርመንኛ ዝዝረበሉ ሓደ ምምሕዳር ከተማ ጥራይ እዩ ዘሎ፡- Ederswiler። ምስ ካልኦት ሰባት ንምልውዋጥ፣ ስልጠና ንምውሳድ ወይ ስራሕ ንምርካብ ፈረንሳይኛ ምምሃር ኣገዳሲ እዩ።

## ቋንቋታት ኣብ ሲውዘርላንድ

ኣብ ስዊዘርላንድ፣ 4 ሃገራዊ ቋንቋታት ኣለዉ፡- ፈረንሳይኛ፣ ጀርመን፣ ጣልያንኛን ሮማንሽን። ነፍሲ ወከፍ ዞባ ካብዞም ቋንቋታት ሓደ ወይ ልዕሊኡ ይዛረብ።
ኣብ አውራጃ Jura፣ ፈረንሳይኛ ንዛረብ ኢና። ኣብዘን ዝተፈላለያ አውራጃታት ፈረንሳይኛ እውን ይዝረብ'ዩ :- Neuchâtel, Vaud ን Genève። ኣብ አውራጃ Berne፣ Fribourgን Valais፣ ዝነብሩ ሰባት ከከም እቲ ኸባቢ ፈረንሳይኛን ጀርመንኛን ይዛረቡ እዮም። እቲ ፈረንሳይኛ ዝዝረበሉ ክልል ስዊዘርላንድ ፈረንሳይኛ ዝዛረብ ስዊዘርላንድ ወይ ሮማንዲ ይበሃል።

## ፈረንሳይኛ

ፈረንሳይኛ ምምሃር ኣብ አውራጃ Jura ንምንባርን ንምስራሕን ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ምምሕዳርን ኣብያተ፣ ትምሕርትን መዓልታዊ ሕይወትን ቀንዲ ቛንቋ እዚ እዩ።

## ትርጉምን ምትርጓምን

ኣብ ስዊዘርላንድ፣ ምስ ኣተኹም ገና ቋንቋ ፈረንሳ፣ ኣይትዛረቡን ኢኹም ወይ ጽቡቕ ጌሩ ኣይርድኣኩን እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ፣ ግና ንሕድሕድና ኣጸቢቕና ኽንረዳዳእ ኣለና።
ንቐሊል ኩነታት፣ ኣዕሩኽትኹም፣ ቤተሰብኩም ወይ ኣብ ማሕበረሰብኩም ዘለዉ ሰባት ክትትርጉሙ ክሕግዙኹም ክትሓትቱ ትኽእሉ ኢኹም።
ንኣገዳሲ ወይ ብሕታዊ ዕላል (ንኣብነት ምስ ሓኪም፣ ኣብ ቤት ትምሕርቲ ወይ ንወግዓዊ ወረቓቕቲ) ግን፣ ንሞያዊ ተርጓሚ ምድዋል ይሓይሽ።
Caritas ስዊዘርላንድ " ንሕድሕድኩም ምርድዳእ (se comprendre)" ኣገልግሎት ሞያውያን ተርጐምቲ የቕርብ።
ተርጐምቲ ማሕበረሰብ እዮም። ገሊኣቶም ካብ ሃገርኩም እዮም መጺኦም ። ቋንቋኹም ይዛረቡ ባህልኹም እውን ይፈልጡ እዮም። ብኣካል ስልኪ፣ ወይ ብቪድዮ እዮም ዝሰርሑ። እዞም ተርጐምቲ እዚኣቶም ኣብ ፍሉይ መስርሕ እውን ክሕግዙኹም ይኽእሉ እዮም ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.bonjour-jura.ch/ti/langue/la-langue

# ፈረንሳይኛ ምምሃር

ምምሃር ፈረንሳይኛ ንሕድሕድኩም ንምርድዳእ፣ ስራሕ ንምርካብ ወይ ስልጠና ኣገዳሲ እዩ። መዓልታዊ ጸገማት ንምፍታሕ እውን ይሕግዝ እዩ።

## ኣብ አውራጃ Jura ዝርከብ ትምሕርትታት ፈረንሳይኛ

ፕሮግራም COMUNICA ንወጻእተኛታት ካብ ጀመርቲ (A1) ክሳብ ምዕቡል (B2) ደረጃ ትምሕርቲ ፈረንሳይኛ ይህብ። እቶም ትምሕርትታት ክባራት አይኮኑን። ኣብ መደብ COMUNICA፣ ፊደላትና ዘይፈልጡ ወይ ንባብ ወይ ምጽሓፍ ዝጽገሙ ሰባት ዝኸውን ትምሕርትታት እውን ኣሎ፡- ማለት ትምህርቲ ምጽሓፍን ምንባብን እዩ። ገሊኦን ምምሕዳራት ከተማ እተወሰነ ኽፍሊት ምዝገባ ይኽፍላ እየን።
ማእከል ንጥፈታትን ስልጠናን ደቂ ኣንስትዮን ስድራቤታትን ( Centre d’animation et de formation pour femmes et familles, CAFF) ንደቂ ኣንስትዮ ናይ ቋንቋ ፈረንሳይኛ ትምሕርትታት ይህብ፣ ኣብ ቦታኡ ድማ ክንክን ህጻናት ኣለዎ። እቶም ትምሕርትታት ክባራት አይኮኑን።
ኣብቲ ከባቢ ካልኦት ናይ ፈረንሳይኛ ትምሕርትታት ኣለዉ።
AJAM ብፍላይ ካብ ዑቕባ ንዝመጹ ሰባት ቋንቋ ትምሕርትታት የቕርብ

## ኣብ ምንታይ ደረጃ ፈረንሳይኛ?

ሓደ ሰብ ዘለዎ ደረጃ ፈረንሳይኛ ንምውሳን መብዛሕትኡ ግዜ እቲ "ሓባራዊ ናይ ኣውሮጳ መወከሲ ቛንቋታት - ትምሕርቲ ገምጋም (CEFR)" ተባሂሉ ይጽዋዕ።
እዚ ማዕቀፍ ካብ ደረጃ A1 (ጀማሪ) ናብ ደረጃ C2 (ፍጹም ምልከት) ይኸይድ። ሞያዊ ስልጠና ንምክትታል መብዛሕትኡ፣ ግዜ ደረጃ B1 ወይ B2 ክህልወኩም ኣለዎ።
እቲ "fide" ዝብል ፈተና ንመዓልታዊ ህይወት ስዊዘርላንድ ደረጃ ቋንቋ ፈረንሳ ዝዕቅን እዩ። ደረጃ ኣፋዊ ቋንቋ (ዘረባ)ን ጽሑፋዊ ቋንቋን ይፍትን። እቲ ውጽኢት ኣብ "ናይ ፓስፖርት ቋንቋ (Passeport des langues) " እዩ ዝወሃብ። እዚ ፓስፖርት እዚ ስራሕ ንምርካብ፣ መንበሪ፣ ወይ ናይ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ንምሕታት፣ ወይ ዜግነት ስዊዘርላንድ ንምርካብ ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

## ፈረንሳይኛን ሕፃናትን

ቋንቋ ወጻኢ ዝዛረቡ ቖልዑ ብእተኻእሎም መጠን ኣቐዲሞም ምስቶም ፈረንሳይኛ ዝዛረቡ ቖልዑ ክራኸቡ ኣለዎም። ቅድሚ ናብ ቤት ትምሕርቲ ምኻዶም ፈረንሳይኛ ክመሃሩ ኣገዳሲ እዩ። መውዓሊ ሕፃናት፣ ኣባይቲ ሕፃናት ወይ ንወለድን ንውሉዳትን ዝኸውን ፍሉይ ኣጋጣሚታት ጽቡቕ እዩ።
ወለዲ ምስ ውሉዳቶም እውን ናይ ገዛእ ርእሶም ቋንቋ ብዙሕ ክጥቀሙ ኣለዎም። እዚ እውን ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት፡- ምስ ቖልዑ ብዙሕ ምዝርራብ፣ ጽን ኢልኩም ምስማዕ፣ ዛንታታት ብቛንቋኦም ምንጋር።
ኣብ ቤት ትምሕርቲ ዝርከቡ ቖልዑ እውን ብቛንቋኦም ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። እዚ ትምሕርትታት እዚ ቋንቋን ባህልን፡- መበቖል ትምሕርትታት (LCO ትምሕርትታት) ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዞም ትምሕርትታት እዚኦም መብዛሕትኡ ግዜ ብኤምባሲ ወይ ቆንስል ወይ ብማሕበር ናይታ መበቆል ሃገር ዝዳለዉ እዮም።
ኣብያተ - ትምሕርቲ ብዛዕባ ትምሕርትታት LCO ኾሉ ሓበሬታ ይህባ እየን።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.bonjour-jura.ch/ti/langue/apprendre-le-francais